# ካብ ወለዲ ናብ ወለዲ

## ዝከበርኩም ወለዲ



ትምህርቲ ሓደ ካብቲ ንስድራቤት ኣለይቲ ቆሉዑ በዳሂ ነገር እዩ።

ተሰፋ ንገብር እዚ ሓበረታ እዚ ከም መወከሲ ገለ ነገር ክሕግዘኩም።

ብሉጽ ምካን

**እኹል ድቃስ፣** ክሳብ ከባቢ 10 ዓመት ዕድመ ዘለዉ ቆሉዑ ብገምጋም ኣብ መዓልቲ ክሳብ 10 ሰዓት ክድቅሱ ይግባእ።

ካብ 14 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ ዘለው መንእሰያት ድማ ኣስታት 8 ሳዓት ንመዓልቲ ክድቅሱ ይግባእ።

**እኹል ምንቅስቓስ ፣** ቆሉዑ ኣብ ትርፊ ግዚኦም ክንቀሳቀሱ ኣገዳሲ እዩ። ብሽክለታ ምዝዋር ፥ምሕንባስን ምጽዋትን ንጥንካረ ኣካልቶምን ህዋሳቶም ብጉቡእ ንክሰርሕን ስለዝጠቅሞም።

**ጥዕና ሓዘል መግብታት፣** ደቅኩም ናብ ትምህርቲ ኣብ ዝከድሉ ጊዜ ኣንተተካኢሉ ፍሩታ ኣሕምልቲ ከሙኡውን ካብ ኩሎም ዓይነት ኣዝርእቲ ዝተሰርሑ መግብታት ከምኡውን ሺኮራዊ ህይኮነ ዝስተ ክማልኡ ጽቡቅ እዩ።

**መዓልታዊ ፣** መዓልታዊ ምንቅስቃሶም ምፍላጥ ንደቅኩም ውሕስነት ይህቦም።

ንኣብነት ስድራቤታዊ ምዕዶ፤ ሕቢርካ ምምጋብ፤ ኣብ ግዜ

ድቃሶም ዛንታ ምንጋር፣ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ንጥፈታቶም ምፍላጥ፤ ገለ ካብ ጊዜኩም ምስኦም ምሕላፍ፤ ሓድሕዳዊ ምትእምማን፤ሓቢርካ ምዝታይን ቀየድቲ ሕግታት ምጽዳቅን።

ኣብ ግዜ ዘይምስምማዕ ሓቢርካ ብምዝታይ ፍታሕ ምርካብ።

ናይ ቆሉዑት ሓሳባት ውን ኣገዳሲ (ሃናጺ) ምካኑ ምእማን።

**መስርሒ ቦታ፣** ዕዮ ገዛ ክሰርሕሉ ዝክእሉ ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ጣውላን ኮፍ መበሊን ምድላው።

**ንመጽናዕቲ ዝሕግዙ፣** መደብ ምውጻእ

ኣብ ጊዜ መጽናዕቲ ኣብ ነብሲ ወከፍ 30 ደቂቕ ሓጺር ዕረፍቲ ምሃብ።

ቀጻሊ ማይ ምስታይን ኣብ ሞንጎ ድማ ምንቅስቓስ።

ን 30 ደቂቕ ቅድምን ድሕሪን መጽናዕቲ ተለቪዥን ወይ ድማ ኮሚፒተር ዘይምርኣ

እንተዘይኮይኑ እቲ መጽናዕቲ ውጽኢታዊ ኣይኮውንን።

**መገዲ ትምህርቲ ፣** ቆሉዑ መገዲ ቤት ትምህርቶም ብዘይ ሓገዝ ክፈልጥዎ ይግባእ።

ብጉቡእ ከም ዝፈልጥዎ ድማ ምርግጋጽ።

ቆሉዑ ምስ ካሎኦት ኣብ መንገዲ ከይተባኣሱ ብ ሰላም ከምዝመላለሱ ምርግጋጽ።

ደቆም ብመኪና ዘመላልሱ ወለዲ ንካሎኦት ንሓደጋ የጋልጽ።

## ናይ ጁባ ገንዘብ

ነቲ ዘውጽኦ ገንዘብ ኣብ ጉብእ መዓላ መታን ክጥፍእዎ ምስኦም ኮንካ ምዝታይ።

**መወከሲ:-** 1ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 1 ክሳብ 2 ፍራንክ

2ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 2 ክሳብ 3 ፍራንክ

3ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 3 ክሳብ 4 ፍራንክ

4ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 4 ክሳብ 5 ፍራንክ

ኣብ ሰሙን

5ይ 6ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 25 ክሳብ 30 ፍራንክ

7ይ 8ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 30 ክሳብ 40 ፍራንክ

9ይ 10ይ ክፍሊ ተማሃራይ ካብ 40 ክሳብ 50 ፍራንክ

ኣብ ወርሒ

ብቀጻሊ ሃቡኒ ኢሎም ክይለመኑ ከለዉ ክከውን ኣለዎ። እቲ ዝዋሃቦም ገንዘብ ከም ፍረ ጻማ ናይ ስራሖም ክከውን የብሉን። ብደቂቅ ነቲ ዝተጠቀሙሉ ገንዘብ ዘይምቁጽጻር።



## ኣብ ደገ ምዝንጋዕ

**መወከሲ:-** 11-12 ዕድመ 13-14 ዕድመ 15 ዕድመ 16 ዕድመ

ሰዓት 20 ሰዓት 20 ሰዓት 21 ሰዓት 22

ኣብ መወዳእታ ሰሙን

ሰዓት 21 ሰዓት 22 ሰዓት 23 ብምዝርራብ

ኣብ ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ብዝምልከት ቁኑዕን ዘይቅየር መርገጽን ክትወስዱ ይግባእ ካብ ኩሎም ዓይነት ሓሸሽን ድራግን ምጥንቃቅ።

## ኤለክትሮኒክስ ሞባይል

ኤለክትሮኒክስ ኣብ ዝጥቀሙሉ ግዜ ምስኦም ኮንካ ምዕዛብ።

ደቁኩም ነዊሕ ሰዓት ኣብ ቅድሚ ተለቪዥን ኣብ ዝጸንሕሉ ግዜ ብዛዕባ ምንታይ ከም ዝኮነ እቲ ዝዕዘብዎ ዘለዉ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ቆሉዑ ክዕዘብዎ ዘይብሎም ፕሮግራም መዕጸው።

ብሓንሳብ ኮንካ ሕግታት ምጽዳቅን ምትግባርን።

ኢንተርነት ኣብ ሳሎን ወይ ድማ ኣብ ኦፊስ ጥራይ ከም ዝጥቀሙ ምግባር።



እንተበዘሐ ኣብ መዓልቲ ክጥቀምዎ ዝግባእ መራከቢታት

6 - 9 ዓመት 1 ሰዓት

10 - 13 ዓመት 1.5 ሰዓት

ካብ 14 ዓመት ንላዕሊ 2 ሰዓት

ብሓፈሻ ከም ሕጊ ቆሉዑ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ዝበጽሑ ሞባይል ክህልዎም ኣይግባእን እዩ።

ዘይተደልየ ኣጠቓቕማ ሞባይል ኣብ ዘይተደልየ ገበን ከውድቆም ስለዝኽእል።

ንኣብነት :- ኣብ ዘይፍቀድ ትካላት ይኩን ውልቃውያን ሰባት ቪድዮ ምውሳድ።

## መወከሲ ኣካላት

ዳይረክተር ጸሓፊት **062 776 02 76**

*sekretariat.primar@schule-teufenthal.ch*

ሓላፊ ክፍሊ **062 776 16 74**

ቤ/ት ማሕበራዊ ሂወት **079 935 14 02** *ssa@ksm-wynenthal.ch*

ናይ ወለዲ ቀዳማይ ረዲኤት ካንቶን ኣርጋው **062 835 45 50**

ናይ ሓገዝ ተለፎን ንቆሉዑን መንእሰያትን **147**

ኣብ ጊዜ ምምራዝ ናይ ሓገዝ ተለፎን **145**



እዚ ጽሑፍ እዚ ብማእከልነት ወለዲ ታፍንታል ዝተዳለወ እዩ።